# ርእይቶይ ኣብ ምሕደራ ኤርትራ

ብተኽለ መለኪን
03.10.2004

ንዓመታት ኣብ ዘካየድክዎ ክትዓት ከጋጥመኒ ዝጸንሐ ሕቶ፡ “ውድብኩም ሎሚ መንግስቲ እንተዝኸውንሲ እን ታይ ምገበርኩም” ዝብል ኢዩ። ነዚ ሕቶዚ ዘቕርቡለይ ኣባላት ወይ ደገፍቲ ናይቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዮም። ኣብ መወዳእታ ክትዕና ከኣ፡ “ንተጸባያይ ሰማይ ቀረባኡ” ዝብል ምስላ ይጠቕሱለይል።

ልክዕዩ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዘይገበሮ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ክገብሮ ዝኽእል እንታይ ጉዳያት ኣሎ? እቲ ስርዓት ዝፈጸሞም ዓበይቲ ጌጋታት እንታይ እንታይ ኢዮም፤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነዞም ጌጋታት እዚኣ ቶም ከመይ ምፈወሶም? ነዚ ኣርእስቲዚ ከልዕል ዝደረኸኒ፡ ነቲ ሓቀኛ ታሪኽን ትሕዝቶን ናይ ሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይቲ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ (ዋና ፈለግ) ዝልለ ሓቀኛ ታሪኽን ትሕዝቶን ናይ ተሓኤ ድማ ብፍላይ፡ ብግቡእ ዘይተረድእዎ ብዙሓት ኣለዉ ዝብል ስምዒት ስለዘሎኒ ኢዩ። ገለ ውን ታሪኽ ናይቲ ብኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝምራሕ ውድብ፡ ጥራሕ ኢዩ ናይ ኤርትራ ታሪኽ ዝብል ኣረዳድኣ ዘለዎም ኣለዉ።

ህዝቢ ብግቡእ መታን ክርዳእን፥ ነቶም ብልቢ ብመጻኢ ዕድል ኤርትራ ዝሓስቡን ዝግደሱን ንምሕጋዞምን፥ ነዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ሕቶታት ብሩህ መልሲ ምሃብ ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ዝእምቱ ብዙሓት ረቛሕቲ ኣለዉ። እቲ ስርዓት ንመብዛሕትኡ ህዝብና፡ ፍጊዕ ኢልዎ ከምዘሎ ብዙሕ ክትዕ ዘድልዮ ኣይኮነን። እንተኾ ነ ግን፡ እዚ መንግስቲዚ፡ ሰፊሕ ክፍሊ ካብ ህዝብና ከም ድሌታቱ ክኾነሉ ብምምናይ ዝድግፎ ዝነበረ መን ግስቲ ምዃኑ ውን ክዝንጋዕ የብሉን። እዚ ትጽቢታትዚ በኒኑ ስለዝተረፈ ከኣ፡ ሃገርና ብኸመይ ትመሓደር ዝብል ሓደስቲ ሓሳባት ንኽቀላቐሉ ባብ ኣርሕዩ ኣሎ። ድሕሪ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኤርትራ እንታይ ክትከውንያ ዝብል ሓሳባት ከየደቀሶም ዝሓድሩ ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይኮኑን ኢዮም። ኤርትራውያን ነንሓድሕዶም ኣብ ዘካይድዎም ክትዓት፡ ናብ ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ስምርትን ፍትሒ ዝነገሳን ኤርትራ ብሰላም ዘ ሰጋግር መደብ ዕዮን ውድብን ወይ ውድባትን ናይ መን ኢዩ ዝብሉ ሕቶታት ወይ ሻቕሎት ይለዓሉ ኢዮም። ዝኾነ ሰብ፡ ዝሓሸ ለውጢ ወይ መተካእታ ክርኢ ስለዝምነ፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ሻቕሎት ክለዓል ብርግጽ ዝግባእ ኢዩ። ተጣበቕቲ ናይቲ ስርዓት ውን፡ ነዚ ሻቕሎትዚ መዝሚዞም፡ ኣንጻር ዝሓሸ መተካእታ ኢዩ ዝብልዎ ውድብ ናይ ጸለመ ወፈራ ከምዘካይዱ ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ። ኢሳያስ፡ ነታ ሃገር ጠርኒፉ እንተዘይሕዛ፡ እቲ ኵ ነታት ዝኸፍአ እምበር ዝሓሸ ኣይምኾነን፤ ሃገርና ልክዕ ከምታ ኵልና ዘይምነያ ሶማልያ ምኾነት ...ወዘተ ዝብል ስእልን ስግኣትን ከስርጹ ይፍትኑ ኢዮም።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዘሎ ክብርታት ህዝብናን ሃገርናን እናብረሶ እንከሎ፥ ኤርትራውያን እኳ ኢና ብዝብል ትዕቢት ጥራሕ ሃገር ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና። እቶም ብውልቀ ድዩ ወይስ ብእኩብ ክንምዕብልን ክንግስ ግስን ዘኽእሉና ክብርታትን ዓቕምታትን እናበርሱ እንከለዉ፥ ስለምንታይ ኣብ ጥራሕ ጕልጕል ንኾርዕ። ክሳብ ቀረባ እዋን “ፍሉይ መራሒ” ኣሎና እናበሉ “ዝሓስቡ” ዜጋታት ነይሮምና ኢዮም። ገለ ድማ፡ ብግርህነት ከ ም ጣኦት ዘምልኽዎ ነይሮም። ብዙሓት ከኣ፡ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ዝርከቡ ሓርበኛታት ኣሕዋቶምን ኣ ሓቶም ገዲፎም፡ ንስግር ዶባት ኤርትራ ዝርከቡ ወጻእተኛታት ይኣምኑ ነይሮም። ኣብ ስደት ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ንደቆምን ንጥሮታኦምን ኢሎም ዝኣከብዎ ገንዘብ፡ ነቲ ንህዝብና ናብ ባሮት ዝቐየረን ንኹሉ ናይ ብልጽግና ኣኽእሎታት ዝቐተለን ዲክታቶር ብፍቶቶም ክህቡ እተራእዩሉ እዋን ውን ርሑቕ ኣይኮነን።

ንብዙሕ ዓሰርተታት ዓመታት፡ “ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝማዕበልና ህዝቢ ኢና” ዝብል ኣረዳድኣ ኣብ ብዙሓት ኤርትራውያን ነይሩ ኢዩ። እዚ ግጉይ ኣረዳድኣዚ፡ ነዛ ዕሸል ሃገርና ንምምዕባል ዘኽእል ፍትሓት ካብ ምንዳይ ዓንቂፉና ጸኒሑ። ንህዝብና ካብዚ እዚ ይሕሾ ዝብል እነነጻጽረሉ ናይ ናጻ መንግስቲ ተመኵሮ ስለዘይጸንሓና ድማ ግዳይ ናይ ድርቅና ጥራሕ ኰይና ተሪፍና።

ሎሚ፡ ካብ ኤርትራ ዝመጽእ ሕማቕ ወረታት ኵላትና ንሰምዖ ኣሎና። ህዝብና፡ ዋላ ኣብ መዋእል መግዛእቲ ውን ተራእዩ ብዘይፈልጥ ድኽነት ይሳቐ ኣሎ። ሰባት ብሕጽረት መድሃኒት ይሞቱ ኣለዉ። እቲ ኣፍራዪ ዓ ቕሚ፡ ወይ ኣብ ዶባትን መደበር ታዕሊም ሳዋን ጠበንጃ ተሰኪሙ ኣሎ፥ ወይ ድማ፡ ኣብ ኣስገዳድ ንባርነት ዝመሳሰል ስራሕ ተጸሚዱ ይርከብ ኣሎ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ነዚ ስልትታትዚ ክጥቀም ንምንታይ መሪጹ ሕጂ ክዛረበሉ ኣይደልን ኢየ። እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ማዕረቲ ጕልበቶም ይኽፈሉ ከምዘየለዉ ከ ይጠቐስክዎ ክሓልፍ ግን ኣይደልን። እቲ ንስሙ ዝኽፈልዎ ገንዘብ፡ ምስቲ ክብሪ ናይ ሃለኽቲ ኣቕሓን ሰብ-ሰርሖ ክብሪ ናይ መነባብሮን ትሑት ዋጋ ክብሪ ናቕፋን ክነጻጸር እንከሎ ትርጕም ዘይብሉ ምዃኑ ብሩህ

ኢዩ። ናይ ህዝብና ናይ ምግዛእ ዓቕሚ ባይታ ዘቢጡ ከምዘሎን፤ እዚ ኲነታትዚ ድማ፣ ንፍርያትን ምዕ
ብልናን ዘይሕግዝ ምዃኑን ኲሉ ዝፈልጦ ኢዩ።

ብሕታዊ ክፋል ጠሪሱ ብህግዲፍ ተረሲ፦ ምህላዉ፥-

ድሒረ፣ ብዛዕባ ንኤርትራን ምሕደርኣን ብዝምልከት ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ሰፊሩ
ዘሎ ነጥብታት መግለጺ ክህበሉ ኢየ። ቅድሚኡ ግን፣ ኤርትራን ኤርትራውያንን ንቕድሚት ከይስጉሙ ዝገበረ
መሰረታዊ ጌጋታት ህግዲፍ ክእምት እፈቱ። ነዚ ጌጋታት እዚ ጽላት ብጽላት (ዘቅቀtተቶ ሾጎ ዘቅቀtተቶ)
ዘርዚርካ ክትጠቕሶ፣ ከምኡ ውን ኣብ ነፍስወከፍ ናይ ስራሕ ሜዳ እተፈጸም ጕድለት ንምዝርዛር ዘይከኣል
ኢዩ። ኣነ ኣብዚ ጽሑፈይ ዘተኰረሉ ሜዳ እቲ ብሕታዊ ጽላት ወይ ብሕታዊ ክፋል ኢዩ። ብዛዕባዚ ኣብ
ዘቕርቦ ጽሑፍ፣ ነቲ ናይ ኣታውን ሰደድን ጽላትን ውሽጣዊ ኣገባብ ኣዘረጋግሓኡን ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ክሳብ ኣ
ተሓሕዛ ድኳናት ውን ከይተረፈ ዘጠቓልል ዝርዝር ንግዳዊ ንጥፈታት ከቕርብ ኢየ።

ድሕሪ ስዕረት ደርጊ ሰፊኑ ዝነበረ ረስኒ ዝዓብለሎ ስምዒት፣ ኤርትራውያን፣ እቲ ዝሓልምዎ ሕረስ ሓረስ
ታይ፣ ንገድ ነጋዳይ ዝብል መዋእል መጺኡ ዝብል ግጉይ ኣረዳድኣ ኣሕዲሮም ነይሮም። ኤርትራውያን
ብመጠኑ ክብ ዝበለ ተክኒካዊ ክእለትን፤ ናይ ንግዲ ብቕዓትን ምስኡ ተዛሚዱ ዝኸይድ ድፍረትን ኣለዎም
ዝብል እምነት ኣሎኒ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ፣ ብርክት ዝበሉ ሃብታማት ኤርትራውያን ኣለዉ።
ካብኦም መብዛሕታኦም ኣብቲ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት እተኻየደ ተጋድሎ ዓቢ ኣበርክቶ ነይርዎም ኢዩ።
ድሕሪ ናጽነት፣ ስርዓት ኤርትራ ብሰንኪ ዝፈጸሞ ጌጋታት፣ ብውግእ ንዝዓነወት ሃገሮም ዳግም ንምህናጽ
ዝተጻወትዎ ተራ ግን ኣዝዩ ንኡስ ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት፣ ብዙሓት ኤርትራውያን ንሃገሮምን ንነብሶምን ክሕግዙ
ቅሩባት ምንባሮም ኲላትና እንዝክሮ ሓቂ ኢዩ። ሎሚ እዞም ኤርትራውያን እዚኣቶም ኣበይ ኣለዉ? ንዕኣ
ኦም ንርእሰማሎምን ክሃድሙ ዝገበሮም ምኽንያታት እንታይ ኢዩ? መንዩ በዚ ተጐዲኡ?

ናይ ተስዓታት ተመኲሮ ብሓቂ ዘሕፍርዩ ነይሩ። መንግስቲ ጥራሕዩ ምዕብልና ከምጽእ ከምዝኽእል ተወሲዱ፣
ዝኾነ ነገር ባዕሉ ክሰርሖ ይደሊ ነይሩ። እዚ መዳይዚ ጌና ኣይተጽንን፤ መንግስቲ ድሮ ብዛዕባዚ ጽላትዚ
መደብ ኣለዎ፤ እዚ ናይ መንግስቲ ክኸውን ድሮ ተወሲኑ ኢዩ፤ እኹል ርእሰ-ማል የብልካን፤ 2% ኣይከ
ፈልካን ካባና ኣይኰንካን ወዘተ ብዝብል ምስምስ መንግስቲ ንወፍሪ ርእሰ-ማል ኣየተባብዐን።

እዚ፣ ገለ ካብቲ ብዙሕ ንሰብ ርእሰ-ማልን ሰብ ጽቡቕ ሓሳባትን ክሃድሙ ዝገበረ ብመንግስቲ እተፈጸመ ኣብ
ነት ናይ ዕንቅፋታት ኢዩ። ካብ ብጾተይ ዝሰማዕክዎ ዘሕፍር ነገር ከኣ፣ መንግስቲ ናይ ውልቀ-ሰባት ፕሮ
ጀክትታትን ሓደስቲ ሓሳባትን ድሕሪ ምስማዕ፤ እዚ ፕሮጀክትዚ ብመንግስቲ ይካየድ ኣሎ ዝብል መልሲ
ብምሃብ ሓሳባትን ፕሮጀክትታትን ክሰርቕ ምርካቡ ኢዩ። ብዙሕ ካብቲ ናይ ብሕቲዩ ተባሂሉ ብናይ ብሕቲ
ውልቀ-ሰብ ፍቓድ ዝሰርሕ ኩባንያታት መንግስቲ ዝውንኖም ምዃኖም ክትሰምዕ እንከሎኻ ንእዝኻ ውን ክትኣ
ምኖ የሸግረካ ኢዩ። ብዙሓት ኣንበብቲ፣ ኣብ መዳይ ብሕታዊ ንግድን ቢዝነስን ብመንግስቲ እተፈጸሙ ካልኦት
ዕንቅፋታት ምህላዎም ከምዝፈልጡ ርግጸኛ ኢየ።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ንሰብ ርእሰ-ማል ንዘይምትብባዕ ዝደረኾ ጠንቂ እንታይ ኢዩ? እቲ መሰረታዊ ጠንቂ፣
ዲክታቶርያዊ ስርዓት፣ ቊጠባዊ ስልጣን ንፖለቲካዊ ስልጣን ዝብድህን ዝምክትን ሓያል ማሕበራዊ ሰረት ከ
ምዝፈጥር ስለዝርዳእ ኢዩ። እዚ ድማ፣ ንዲክታቶርያውያን ዘስግእ ኲነት ምዃኑ ፍሉጥ ኢዩ።

ኢሳያስ፣ ብሕታዊ ጽላት ክገብሮ ዝኽእል ነገራት ኲሉ፣ ማለት ድልድላት፣ ጽርግያታት፣ ኣባይቲ፣ መገዲ ባቡር፣
መርፎ ነፈርቲ፣ ሆስፒታላትን ወደባትን ...ወዘተ ምህናጽ፥ መንግስቱ ክገብሮ ከምዝኽእል ንህዝቢ ከዕግብ
ይፍትን ኣሎ። ልክዕዩ፣ ዝኾነ መንግስቲ ውጽኢቱ ይሕመቕ ይጸብቕ ብዘየገድስ፣ ከምዚ ክገብር ይኽእል ኢዩ፤
ምኽንያቱ ድማ፣ ነዚ ንምግባርዩ ስልጣን ሒዙ ዘሎ። ገለገለ ድማ፣ እዚ ንመጀመርያ ግዜ ብመንግስቶም
ጥራሕ ዝስራሕ ዘሎ ኰይኑ ስለ ዝስምዖም፣ ትኣምር ከም እተሰርሐ ይቖጽርዎ። እዚ ከኣዩ እቲ መንግስቲ ከ
መሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ። ኲሉ መንግስቲ ዝገብሮ ሓድሽን ክምጐስን ዝግብ
ኦ ኢዩ ዝብል መልእኽቲ።

እቲ ቀንዲ ሕቶ ግን፣ ኲሉ መዳያዊ ምዕባለ ናይ ህዝብን ሃገርን ከመይ ይረጋገጽ ምምዳብ ኢዩ። ሓቀኛ ምዕ
ባለ ንምርግጋጽ ዝጥለቡ ኲሉ መዳያዊ ንጥፈታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝካየድ
ዘሎ ንጥፈታት ፈጺሙ እኹል ኣይኰነን። ትሕተ-ቅርጻ፣ ኣገዳሲ ቅድመ-ኲነትን መበገስን ናይ ምዕባለ ምዃኑ
ዝከሓድ ኣይኰነን። ሓቀኛ ምዕባለ ግን፣ ብናይ መላእ ህዝቢ ተሳትፎን ተባላሓትነትን ተበግሶን ርእሰ-ማልን

ኢዩ። ኵሉ መዳያዊ ምዕባለ ናይ ሃገር ንምርግጋጽ ንቕሓትን ልቦናን መንፈስን ናይ ህዝቢ ብናጻ ክውሕዘሉ ዘኽእል ምቹእ ኩነታት ምፍጣር ይሓትት። ኣብዚ ከኣዩ ብሕታዊ ጽላት ወይ ብሕታዊ ክፋል ግዲኡ ክጻወት ዝኽእል። በዚ ከኣዩ ናይ መንግስቲ ክእለት ዝምዘንን ኣብ ፈተነ ዝኣቱን።

ግደ መንግስቲኸ?

መንግስቲ፡ ናይ ቀረባን ርሑቕን ናይ ምዕባለ ዕላማታት ንምስላጥ ዝሕግዙ ባይታታት ጥራሕዩ ከመቻችእን ፤ ንወፍሪ ርእሰ-ማል፡ ብፍላይ ድማ ናይ ዜጋታቱ ወፍሪ፡ ዘተባብዕ ፖሊሲታትን ሕግታትን ክሕንጽጽን ዘለዎ። ኣብቲ ሃገር ዘሎ ባህርያውን ሰብኣውን ሃብቲ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንኵሉ መዳያዊ ምዕባለ ናይታ ሃገር ን ምርግጋጽ ዝሕግዙ ወፍሪ ርእሰ-ማል ንምትብባዕ ክጽዕርዩ ዝግብኦ። ናይ ወጻኢ ርእሰ-ማል ኣድላዪ ኢዩ። ብዛዕ ብኡ ከኣ ኣብ ካልእ ጽሑፈይ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ። ብሕታዊ ክፋል ዘይዋስኣሉ መዳይ ምስ ዝህሉ ጥራሕዩ፡ መንግስቲ ነቲ ባዶነት ክመልኦ ክፍትን ዘለዎ። መንግስቲ ኤርትራ ግን፡ ኰነ ኢሉ ኢዩ ንብሕታዊ ጽላት ክሰርሖ ዘየፍቅድ ዘሎ።

መንግስቲ፡ ናይ ምዕባለ ስትራተጂ፡ መደብ ዕዮ፡ ከረጋግጾ ዝደሊ ዕላማ ክህልዎ ይኽእል ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ካብቲ ትጽቢት ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ኽኸውን ዝገብሩ ብዙሓት ረቛሕቲ ኣለዉ። ብመንግስቲ ጥራሕ ዝካየድ ናይ ምዕባለ መደብ-ዕዮ፡ ካብ ካልእ ንብሕታዊ ጽላት ዘፍቅድ መንግስቲ ዘካይዶ መደብ ዕዮ፡ ዘለዎ ናይ ምዕ ዋት ዕድል ኣዝዩ ጸቢብ ኢዩ። መንግስቲ ባዕሉ ዘካይዶ መደብ ዕዮ ጥራሕ ኢዩ ናይ ምዕዋት ዋሕስነት ዘለዎ ዝብል ክትዕ ክለዓል ከምዝኽእል ርዱእ ኢዩ። እቲ መደብ ሰፊሕን ኻኹሉ ዝሸፍንን ዝተሓላለኸን ውጽኢቱ ውን ሓድሓደ ግዜ ካብ ትጽቢት ንላዕሊ ኽኸውን ይኽእል ኢዩ ኣብ ዝብል ነጥቢ እንተደኣ ንሰማማዕ ኰይና፡ ኣነ ውን እወ ክብል እኽእል ኢየ። ውልቀ-ሰባት ኣብ ብሕታዊ ጽላት፡ ንጥቕሞም ክብሉ፡ ተበግሶታት ይወስዱ፡ መደባት ይሰርዑን የተግብሩን። መንግስቲ ነዚ ብግቡእ እንተኣመሓዲርዎን ተቖጻጺርዎን ከኣ፡ ንረብሓ ናይ ህዝቢ ውን ክውዕል ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ መደብ ዕዮ፡ “ፍርያምነት ክብ መታን ክብል፡ ዜጋታት ኻኽፍርዩ ክተባብዑን፤ ንተባሓላቲ ክእለቶም ዘውሕዝ ሃዋህው ክፍጠረሎምን ይግባእ” ይብል።

ኤርትራ ሎሚ፡ ኣብ ትሕቲ ምሕረት መንግስቲ ኢሳያስ ኢያ ዘላ። ዝኣክል ርእሰማልን ፍልጠትን ክእለትን ዘለዎም ዜጋታት፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ናይ ሃገርና ክሳተፉ ዝኽእሉ ብሕታውያን ነጋዶን ትካላትን፡ እቲ ዘይዕ ጸፍን ጨቋንን ስርዓት ዓትዒቱ ምውሳእ ስለዝኽልኦም፡ ካብ ሃገር ክርሕቑ ክርኣዩ እንከለዉ ዘሕዝን ኢዩ። እቲ መንግስቲ ብዜናዊ ማዕከናቱ ኣቢሉ ብዙሕ ዝዛረበሎም ንኣሽቱ ኢንዱስትሪታት፡ ኤርትራውያን ክገብርዎ ዝኽእሉ ናይ መወዳእታ ዓቕሚ ንሰም ጥራሕ ኢዮም ማለት ኣይኰነን። ነዞም ፍርያት እዚኣቶም ብዝማዕበለን ብዘመናውን ኣገባብ ከፍርይዎም ዝኽእሉ ኤርትራውያን ኣለዉ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ናይ ቍጠባ ፖሊሲታቱን፡-

ኸሕኺ ውድብና፡ ንኤርትራ ንምምራሕን ንኣገባብ ምሕደርኣ ኣብ ቅኑዕ ጐደና ክመልስን ዝኽእል ኻኹሉ መዳያት ዝሸፍን መደብ ዕዮ ኣለዎ ዝብል ዕግበት እንተሎና፤ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ብዝሒ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ናይ ህዝብና ፖለቲካውን ማሕበራውን ቍጠባውን ጸገማት ዝፈትሕ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጥራሕ ኢዩ ምባል ፍትሓዊ ኣይኰነን። ዝኾነ ይኹን መደብ ዕዮ ድማ፡ ምስ ደረጃ ናይቲ ዘጋጥም ብድሆታት ተዛሚዱ ክምዕብልን ክልወጥን ይግባእ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ መደብ ዕዮ ኣብ ግብሪ ኣብ ዝውዕለሉ እዋን ብተዓጻጻፍነትን ግልጽነትን እተሰነዩ ምምሕያሻትን ለውጥታትን ንምግባር ዝጥለበሉ ኩ ነታት ከጋጥም ይኽእል ኢዩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ማዕርነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ሓቢርካ ጐድኒ ንጐድኒ ናይ ምንባርን፡ ምስ ጐረባብቲ ኣህዛብ ምትሕብባርን ዘረጋግጽ ዲሞክራስያዊ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ስርዓት ክህሉ ይኣምን። ኣብ ቍጠባዊ መዳይ ከኣ፡ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ኤርትራ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ ክህሉ ኣለዎ ይብል። ትርጉም ናይዚ ዓይነት ምጣነ-ሃብቲዚ፡ ካብቲ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝሰርሓሉ ዘሎ ቍጠባዊ መደብ ዕ ዮ ኣዝዩ እተፈልየ ኢዩ። ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ፡ መንግስታውን ብሕታውን ጽላታት ተዋሃሂዱ ዝሰርሓሉ ዓይ ነት ቍጠባዊ ፖሊሲ ኢዩ። መንግስቲ፡ ብሕታዊ ጽላታት ንዝጠልቦ ባይታ የማቻችእ። ሓደ ካብቶም ብዙሓት ክመቻችኡ ዘለዎም ባይታታት ድማ፡ ብሕታዊ ጽላታት ብውሑድ ሓረጣ (interest) ለቓሕ ካብ መንግስቲ ዝረኽብሉ ኩነታት ምፍጣር ኢዩ። መንግስቲ ንምዕባለ ናይ ሃገር ቍልፊ ኢዮም ኣብ ዝብሎም ኢንዱስ ሪታት ንሽርክነት ናይ ብሕቲ ጽላት ከፍቅድ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ውን ምሉእ ብምሉእ ናብ ብሕታዊ

ዋንነት ከሰጋግሮም ክኽእል ኣለዎ። ከምዚ ዝዓይነቱ ፖሊሲታት፡ ኵሎም ዜጋታት፡ ብመሰረት እቲ እተሓንጸጸ ናይ ምዕባለ መደብ-ዕዮ፡ ንጸጋታት ሃገር ክጥቀሙሉምን፤ ብሕታዊ ጽላት ናይ ምዕባለ ግደ ክጻወትን ዕድል ይኸስት።

ናይታ ሃገር ጸጋታት ናይ ምምዝማዝ ዕድል ቀዳምነት ክውሃቦ ይግባእ። መታን ንሃገራዊ ጸጋታት ብግቡእ ክን ጥቀመሉም፡ ንኣሽቱ ኣፍረይቲ፡ ንውሽጣዊ ቦታዊ ሃልኪ ንምዕጋብ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዋላ ውን ናብ ደረጃ ናይ ሰደድ (export) ንምብቃዖም፥ ክተባብዑ፡ ክሳብ ውን ኣብ መጀመርያ ክድጎሙ (subsidized) ይግባእ።

ንሰደድ ዝለኣኹ ኣቑሑ ዝተፈላለዩ ክኾኑ ኣለዎም። ምኽንያቱ ኣብ ሓደ ወይ ክልተ ዓይነት ፍርያት ጥራሕ እንተደኣ ተወሲና፡ ናይዞም ኣቑሑ እዚኣቶም ጠለብ ካብ ወጻኢ እንተደኣ ተዳኺሙ፡ ካብ ደገ ዝርከብ ሃገራዊ እቶት ይወድቕ እሞ፡ እቶም ምስቶም ኣቑሑ ዝምድና ዘለዎም ናይ ውሽጢ ኢንዱስትሪታት ውን ብኣሉታ ክጽለዉ ግድን ይኸውን። በዚ ሃገራዊ እቶት ይወድቕ።

ብዙሓት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣሎና ዝብላ ኣብ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት፡ ዝተፈላለየ ውጽኢት ክህልወን ንዕ ዘብ። ብዙሓት ካብአን፡ ዘየውት ናይ ምዕባለ መደብ ዕዮ ስለእተኸተላ ናብ ድኽነት ዝወደቓ ኣለዋ። ብዘይ ሓቀኛን ተግባራውን ተሳትፎ ናይ ህዝቢ፡ ብጭርሖ ናይ ዲሞክራሲ ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል ጸገማት የለን። ሓቀኛ ዲሞክራሲ ድማ፡ ስልጣን ንህዝቢ ዝህብን ብኡ ክዓግብ ዝገብርን ኢዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ መስርሕ፡ ምስ ኵሉ መዳያዊ ምዕባለ ናይ ሕብረተ-ሰብ ጐድኒ ንጐድኒ ተኣሳሲሩ ኢዩ ዝኳዓዝ። ናይ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓ መታት ተመኵሮ ናይ ኣብ ምዕባለ ዝርከቡ ሃገራት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ምዕባለን ሰላማዊ ምስግጋርን ዘለዎም ጽልዋታት ምዝንጋዕ ወይ ዕሽሽ ምባል የዋህነት ኢዩ (ብዛዕባዚ ኣርእስ ቲዚ፡ ኣብ መጻኢ ክዛረበሉ ኢየ)።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብህዝቢ ስልጣን ክሕዝ ዕድል እንተደኣ ረኺቡ፡ ንኤርትራ ናብ ብልጽግና ዘብጽሕ ቍጠባዊ ፖሊሲታቱ፡ ኣብ ንሓርነት ዶት ኮም፡ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ወግዓዊ መርበብ ኢንተርነት ሰፊሩ ይርከብ።

እዞም ዝስዕቡ ኣርእስትታት፡ ካብ ቍጠባዊ መደብ ዕዮ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተወስዱ ኢዮም።

ሀ. ምጣነ-ሃብታዊ ቅዋም

ሀ.1 ኣብ ምጣነ-ሃብታዊ መዳይ እኽክተሎ ቅዋም፡ ሕውስዋስ ምጣነ-ሃብቲ ኢዩ፤
ሀ.2 ብመሰረት እተጸንዐ ምጣነ-ሃብታዊ መደብ፡ ናይ ሃገራውያንን ወጻእተኛታትን ርእሰ-ማል ክዋፈር ምፍቃድ፤
ሀ.3 ፍትሓዊ ዝኾነ ኣገባብ ኣዘረጋግሓ ሃገራዊ ሃብቲ ምጥቃም፤
ሀ.4 ኤርትራውያን ዜጋታት ንመንግስቲ ዝኸፍልዎ ግብሪ፡ ምስ ደረጃ እቶቶም ዝፈላለን ዝመጣጠንን ይኸውን፤
ሀ.5 ብግብሪ ዝርከብ እቶት ንሃገራውን ህዝባውን ኣገልግሎት ከምዝውዕል ምግባር፤ ትሑት እቶት ንዘለዎም ዜጋታት ከኣ ሸኸሞም ንምቅላል ምቅላስ፤
ሀ.6 ንምዕባለ ሃገር ዘገልግል ናይ ምጣነ-ሃብቲ ናይ መጽናዕትን ምርምርን ትካላት ምቛም፤
ሀ.7 ሕርሻውን፥ ንግዳውን፥ ኢደ-ጥበባውን፥ ኢንዱስትርያውን ንጥፈታት ንጠለባት ህዝብና ብዘማልእን፤ ናይ ኤርትርውያን ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድላት ብዝኸስትን ኣገባብ ምስርዑ፤
ሀ.8 ሓባራውን ብሕታውን ወፍሪ ምትብባዕ፤
ሀ.9 ናይ መጕዓዝያን መራኸብን መሳለጢታት ምምዕባልን ምውዳብን፤
ሀ.10 ሕርሻዊ ንጥፈታት ንህዝባዊ ጠለባት ከዕግብ ብዝኽእለሉ ኣገባብ ምስርዑን ምምዕባሉን፤
ሀ.11 ናይ ሃገርና ናይ ዱርን እንስሳ ዘገዳምን ሃብቲ ከይበርስ ዝከላኸሉ ሕግታት ምቛም፤
ሀ.12 ሽግር ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ ዘመናዊ ኣባይቲ ምስራሕ፤
ሀ.13 ኣብ መንጐ ከተማን ገጠርን፤ ኣብ መንጐ ዝተፈላለያ ኣውራጃታት ኤርትራ ዘሎ ናይ ምዕባለ ፍልልያት ንምጽባብን ንምምዕርራይን ዘኽእል ምጣነ-ሃብታዊ መደብ ምትላም። ብተወሳኺ፡ እቲ ብሰበኽ ሳግማዊ ሕርሻን ምርባሕ ከብትን ዝግልገል ህዝብና፡ ርእሱ ዝኸኣለ፡ ምስ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ሃገርን ባህርያዊ ክንክንን ዝተተሓሓዘ ብምዃኑ፡ ነዚ ኣብ ግምት ዝወሰደ ኣሰራርሕ ምኽታል፤
ሀ.14 ሓባራዊ ስርሓት ምትብባዕ፤
ሀ.15 ሕቶ መሬት፡ መሰረታዊ ናይ መነባብሮ ጕዳይ ኢዩ። ዋንነት መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ይጸንዕ። መንግስ ቲ፡ ብሃገራዊ ደረጃ ኣገዳስነቱ ንዝኣመነሉ መስመራትን ትካላትን ስትራተጂያውነቱ እተራእየ ፍሉይ ምንጪ ሃብቲ ዝርከቦ ውሱን መሬት ኣብ ክሊ ብሩህ ሕጋዊ ቀይድታት ክቈጻጸሮን ከመሓድሮን ዝኽእለሉ መደብ ይን

ጽር።

ለ. ኣብ መዳይ ሕርሻን ከባቢኣዊ ክንክንን

ዝበዝሐ ክፋል ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ገጠራት ዝነብር ኰይኑ፥ ብማሕረስ፡ ወይ ብማሕረስን ምርባሕ እንስሳታትን ኢዩ ዝናበር። ገለ ውሑድ ክፍሊ ካብ ህዝብና ድማ ብምርባሕ ከብትን ምግፋፍ ዓሳንን ዝናበር ኣሎ።

ካብዚ ሓቂዚ ብምብጋስ፡ ንዝተሓተ ጠለባት ህዝብና ንምምላእን፥ ኣብ መነባብሮኡ ከጋጥሞ ንዝኽእል ጸገማት ንምቅላልን፥ ንሕርሻ ዘድሊ ተገዳስነት ምሃብ ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰሉ ሕብረተ-ሰባት፡ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ንሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ምስፋሕን ምምዕባልንዩ ዝምርኰስ። ካብዚ ብምብጋስ፡

ለ.1 ናይ ምግራብ መደባት ብምስራዕ፡ ፍግረ መሬት ምክልኻልን ኣብ መዳይ ባህርያዊ ሃብትን ኢንዱስትሪን ምቿምን፤
ለ.2 ናይ ማይ ምንጪታት ንምርካብ መጽናዕቲ ምግባርን ሓጽብታት ምስራሕን፤
ለ.3 ሕርሻታትን ሸኻታትን ምምዕባልን፥ ዘመናዊ ኣገባብ ምርባሕ እንስሳታት ምትእትታውን፥ እንስሳዊ ሃብትና ንምክልኻልን ንምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ሃገርና ንምውዓሉን፡ ናይ እንስሳ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብሰፊሑ ከምዝዝውተር ምግባር፤
ለ.4 ንናይ ባሕሪ ሃብትና ምክልኻልን፥ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ሃብቲ ባሕርና ምምዕባልን፤
ለ.5 ናይ ኣፍላጋትን ወሓይዝን ማይ ድማ ንሕርሻዊ ኣገልግሎት ንምውዓሉ ምጽዓር፤
ለ.6 ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ምምዕባልን ዘመናዊ ኣገባብ ሕርሻ ምትእትታውን፤
ለ.7 ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ናይ ኤኮሎጂ ብርሰትን ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነትን ንምክልኻል ኵሉ ጻዕርታት ክካየድ ይጥለብ።

(ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ እንግሊዘኛ እተተርጐመ)